## ንህ.ግ.ደ.ፍ. ከነፍርስ ኢና ኢልካ ሃገር ምፍራስ ንረብሓ መን?

## ስለምንታይ"ከ ክፈርስ ይድለ?

## መንዩ"ኸ ከፍርሶ?

ክውንነት ብጉቡእ ክንበብ እንተዘይተኻኢሉ በረኣእያ ዕዉር፡ በተሓሳሰባ ድፉን እዩ ዝገብር። ጸረ ረብሓኻን ረብሓ ሃገርን ህዝብን ከም ትኸውን ይገብረካ። እቶም ብኸምዚ ዓይነት ሕማም ዝተለኸፉ ጉጅለታት ወይ ባኣታታት ከኣ ናይዚ ስንኩፍ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ውጺኢት እዮም። ንእከይ ተግባራቶም ንምኽዋል ገበናቶም ናብ ካልእ ከጸግዑዎ ምፍታን ቀንዲ ባህርያቶም እዩ። ዝኾነ ሂወት ዘለዎ ፉጡር ርእሱ እንተ ቀቲልካ ሙሉእ ኣካላቱ ስለ ዝመውት፡ እዞም መርከብ ሓርነት ዝተፍኣቶም ዕሱባት ከርክቡዋ ስለ ዘይክእሉ ነቶም መራሕታ ዓላማ ጌሮም ከጸልሙ እዩ ዝሕሾም። በዚ መሰረት ከኣ እዞም ከም ሰብ ቆጺርና ክንዛረበሎም ዘይግብኣና ታሪኽ ዝፈንፈኖም ባእታታት ወይ ጉጅለታት ን.ህ.ግ.ደ.ፍ. ዓላማ ጌሮም ከነፍርሶ ኢና እናበሉ ሚኒን ክብሉ ይውዕሉን ይሓድሩን ኣለዉ። ንመንከ'ዮም ህ.ግ.ደ.ፍ. ጸላኢና'ዩ ዝብልዎ ዘለዉ? ህ.ግ.ደ.ፍ. ማለት እኮ ህዝቢ ኤርትራ ማለት እዩ። ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝመርሖ መደባት እዩ ኣብ ሃገር ዝሰላሰል ዘሎ። ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝወደቦ ማሕበራት'ዩ ሃገራዊ ዕማማት ዘተግብር ዘሎ። ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝሓንጸጾ ሕግታት'ዩ ህዝቢ ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ መራሕቱ ዝመርጽ ዘሎ። ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝተኸሎ ቤት ትምህርትታት ህዝብና ዝመሃረሉ ዘሎ። ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝሃነጾ ሆስፒታልት ህዝቢ ዝግልገለሉ ዘሎ። ብሓፈሻ ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝመስረቶ ውዳበታት'ዩ እዚ ኩሉ ዓወታት ኣብ ሃገር ተሰላሲሉን ዝሰላሰል ዘሎን።

እዞም ተቛወምንቲ ኢና እናበሉ ነብሶም ዘጠመቑ ሃሱሳት ካብ ምስ መልኣኽ ምስ ዲያብሎስ ምምኻር ዝመርጹ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዓጸቦ ክኣትዎ ምስ ተጻባእትና ኮይኖም እገዳ ክተርርን ክወሰኾን መጋበርያ ወያኔ ኮይኖም ዘለዉ፡ ህዝብና ብዝግባ ክመዝኖምን ክምክቶም ም኿ኑ ዘየጠራጥር እኳ እንተኾነ፡ ይምክቶም እውን ስለ ዘሎ ነዚ ሕጂ ዞኽዞኽ ዝብልዎ ዘለዉ ተቛውሞ ከም ቀደምና ብዝለዓለ ደረጃ ክንምክቶም እቲ ግዜ ይጠልበና ኣሎ። ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኢና ጸሊእና እምበር ንህዝብና ኣይኮናን እናበሉ ንሓፋሽ ከም ሓለይቲ ኮይኖም ጸረ ሓፋሽ ኣዕናዊ ተጻብኦታት ዝገብሩ ዘለዉ ዎይጦታት ክንፈልጦምን ክንምክቶምን ብዘየዳግም ንእከይ ተግባራቶም ነዚ ዘሎ ንኡስ ወሎዶ ንክፈልጦም ናይ ምግባር ሓላፍነትና ክዓዝዝ ኣለዎ።

ህ.ግ.ደ.ፍ. ማለት ነቲ ግንባር ዝመርሕ ዘሎ እዩ። ህ.ግ. መሪር ቃልሲ ዘሕለፈን ብኡ ተመልሚሉ ዝወጸን፡ ንናጽነት ኤርትራ መሪሕ ኮይኑ ኣብ ዓወት ዘብጽሔ ውድብ እዩ። ህ.ግ. ነቲ ዓወት ከምጽኦ ዝኸኣለ ንነብሱ ወዲቡ፡ ንሓፋሽ ብጽፈት ካብ ዝኾነ ድሑር ዝንባለታት ኣወጊዱ ብምውዳብ፡ ኣብ ቅድመ ግንባር ተሰሊፉ፡ ኣርኣያ ብምኻን ንመስዋእቲ ቁሩብነቱ ዘመስከረን፡ ብሓጺናዊ ስነ-ስርዓት ዝተሃንጸ ውድብ ስለ ዝነበረ'ዩ፡ ነቲ ኩሉ ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብና ዝተኣልመ ዊዲታት በታቲኹ ዝተዓወተ። እቲ ቴማ ዓወት ንሓፋሽ'ዩ ኔሩ። ምኽንያቱ ህ.ግ. ብዘይ ተሳትፎ ሓፋሽ ክዕወት ከምዘይከኣል ይፈልጥ ስለ ዝነበረ። ብኡ መሰረት ከኣ እዩ ንሓፋሽ ብጽፈት ወዲቡ፡ ኣንቂሑ፡ ዘዕጠቖ። እምበኣር ህ.ግ.ደ.ፍ. ካብዚ ግንባር'ዚ ዝተወልደ ስለ ዝኾነ፡ እሞኸኣ ኣብ ብሕታዊ ረብሓ ዘይኣምን፡ ነቶም ንረብሕኦም ቀዳምነት ዝህቡ ከም ዕረ

ዝመሮም። እዚኦም ከኣ እዮም ንርእሶም ኮብሊሎም መንእሰያትና ከም ዝኹብሉሉ ዝገብሩ ዘለዉ። ሕጂ’ውን ሓፋሽ ውዳበኻ ኣጽፍፍ፡ ንቕሓትካ ደልብ፡ ዕጥቕኻ ኣደልድል። ህ.ግ. ንከይሰዓር ዝተወልደ ውድብ እዩ። ህ.ግ.ድ.ፍ. ከኣ ኣብ ተሪር ነቕ ዘይብል ውዳበ ዝተሃንጸ እዩ። ህ.ግ.ደ.ፍ. ንኹሎም ደለይቲ ብሕታዊ ረብሓ ከም መስቀል ዝረኣየ ሰይጣን ከባርሮም ምኳኑ ዘየጠራጥር ሓቂ እዩ። ነዚ ሕጂ ዝሸባሽብሉ ዘለዉ ሃገርናን ህዝብናን ንምእጋድን፡ መራሕትና ገበነኞታት ንምግባር ዝቖርብ ዘሎ ውንጀላ ብተባዕ ሓድነትናን ዘይጸዓድ ቃልስናን ንመከቶ። ሎሚ ግዳ ዓለም ዓይና ተንቋሓሉ ዘላ ግዜ፡ ቀደም እኳ ዓይና ዓሚታትሉ ኣብ ዝነበረት እዋን ንኹሉ ተጻብኦታት መኪትና ዝተዓወትና፡ ሕጂ እንታይ ይጽግመና?

ዓቕሎም ዝጸበቦም ቶኺሉ፡
ኣላሽ ተሳዒርና ከይብሉ፡
ክሳብ ዝሞቱ ፈንጠርጠር ይፈትሉ።

ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቆላ ዝበለቶ ኣድጊ፡
ካብዚኦም ዝኸፍእ እንታይ ጌራ ግዲ፡
ሃገርካ ምኽሓድ እንድዩ ዝኸፍኤ ፍርዲ።

<u>የብልና መራሕቲ ዝቑሕሙ ምልዮናት፡</u>
ኣፎም ዝዕጾ ከም በሃማት፡
ሃገር ዝሸጡ ክኾኑ ሃብታማት።

እገዳ ዘመናዊ ብረት ሓያላን ሃገራት
መቕተሊ ነተን ነኣሽቱ ዱኹማት
ርእሰን ሓፍ ከየብላ ዝተፈጥረ ኲናት።

ዓላማኡ ዘተኮረ ንሱሉስ ዓለማት
ህዝበን ከይሰማማዕ ትውድብ ገልዳማት
ሃብተን ጊሒጥካ ከተንብረን ኣብ ጸልማት።

ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተጻወትኦ
ሕጂ ደልየን ኣባና ክደግምኦ
መዓስ እሞ ኮና ንስበር ከም እንቋቑሖ።

መንግስትና ካብ ሓፋሽ ክንጽላ
ምኳና ረሲዔ ደቂ ሓንቲ ባንደራ
ሕጂ’ውን ምምካት’ዩ ዳግመኛ ሰውራ።

ንሕና ኤርትራውያን ትኳቦ ነይልማድና
ኩቡር ባህሊ ኣቦ ኣቦ ሓጎታትና
ነብስኻ ምኻል’ዩ መትከላዊ እማንቶና።

እንታይ በዲልና ዓለም ትእግደና
ነብስና ክንክእል ስለ ዝበልና
መሰልና’ዶ ኣይኮነን ከነመሓድር ሃገርና?።

የብልናን ዝስልኪ ኣእሙሮ
ንዅሉ ንገጥሞ ብሓያል ተሞኩሮ
ውዲታት ንፍሽል በብዝነበሮ።

ሎሚ’ውን ከም ትማሊ ኣሎ ሓድነትና፡
ከምቲ ግዜ ገድሊ እዋን ሰውራና፡
ነቓዕ ኣይንኸፍትን መእተው ጸላእትና።

ንበል ሻማ ሻሚ ንፈርም ፐትሽን፡
ሕልሚ ዱኹማት ብቓልና ክንርሽን፡
ጋህድና ርኡይ ክኸውን ልምዓትና ክስስን።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር